





# ንወሲባዊ ዝንባለን ጾታዊ መንነትን ዝምልከቱ ሕቶታት:

## ሓበሬታ ንተሓከምቲ



**እዚኦም ሕቶታት ክትምልስ ግዜኻ ስለ ትምድብ ነመስግነካ።**

ተወሰኽቲ ሕቶታት እንተለዉኻ፡ ምስቲ ኣገልግሎት ዘቕርበልካ ኣካል ክትዘራረብ ድማ ነተባብዓካ።







እዚ ፕሮጀግት ብሓገዝ ምሕደራ ሪሶርስታትን ኣገልግሎታትን ጥዕና ኣሜሪካ (HRSA) እዩ ዝካየድ ዘሎ። ዲፓርትመንት ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎታትን (HHS) ኣብ ትሕቲ ቁጽሪ ስምምዕ ምትሕብባር U30CS22742፣ ሃገራዊ ስምምዕ ምትሕብባር ስልጠናን ቴክኒካዊ ሓገዝን (NCAs) ብ $625,000.00፡ ካብ ጠቕላላ ናይ NCA ፕሮጀክት 0% ጥራሕ እዩ ካብ ዘይፌደራላዊ ምንጪታት ዝምወል። እዚ ሓበሬታ ወይድማ ትሕዝቶን መደምደምታን ናይቲ ጸሓፋይ እዮም፡ ከም ናይ HRSA, HHS, ወይ`ድማ ከም ናይ ኣሜሪካ መንግስቲ መርገጺ ወይ ፖሊሲ ተጌሮም ክውሰዱ የብሎምን።

NATIONAL LGBT HEALTH EDUCATION CENTER
A PROGRAM OF THE FENWAY INSTITUTE
ሃገራዊ LGBTQIA+ ማእከል ትምህርቲ ጥዕና
ናይ Fenway Institute ፕሮግራም

TFIE-47

ዝያዳ ኣብ ታሓካማይ ዘተኮረ ሕክምና ምእንታን ከነቕርብ ብዛዕባ ወሲባዊ ዝንባለኻን ጾታዊ መንነትካን ንሓተካ ኣለና። እቶም ሕቶታት እንታይ ማለት ከም ዝኾኑ፡ ከምኡ’ድማ እቲ ሓበሬታ ከመይ ንኹሉ ዝወሃብ ክንክን ጥዕና ንምምሕያሽ ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕል ክትፈልጥ ኣብ ውሽጢ ኣንብብ።

### ሕቶ: ስለምንታይ እየ ብዛዕባዊ ወሲባዊ ዝንባለይን ጾታዊ መንነተይን ዝሕተት ዘለኹ?
ብዛዕባ ናይ ተሓከምትና ወሲባዊ ዝንባለን ጾታዊ መንነትን ምፍላጥና ንእነገልግሎም ዘለና ሰባት ዝያዳ ክንርዳእ ድማ ይጠቕመና። ብተወሳኺ ኣብ ናይ ተሓካሚ ፍሉይ ጠለባት ትኹረት ዝገብር ከምኡድማ ንባህሊ ኣብ ግምት ዘእቱ ሕክምና ከነቕርብ ይፈቕደልና።

### ሕቶ: ጾታዊ መንነት እንታይ እዩ?
ጾታዊ መንነት ናይ ገለ ሰብ ጓል/ሰበይቲ/ኣነስተይቲ፣ ወዲ/ሰብኣይ/ተባዕታይ፣ ካልእ ጾታ፣ ወይድማ ጾታኣልቦ ምዃን ዝገልጽ ውሽጣዊ ስምዒት እዩ።

“ስግረ-ጾታ” ማለት ክውለዱ እንከለዉ ዝተውሃቦም ጾታዊ መንነት ምስ ንቡር ትጽቢታት ዘይቃዶ ክኸውን እንከሎ ማለት እዩ።

- **ስግረ-ጾታዊ ሰበይቲ/ኣነስተይቲ** ክውለድ ከሎ ወዲ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዳሓር ግን ናይ ሰበይቲ ጾታ ዘለዎ ኮይኑ ዝተረኽበ ሰብ ማለት እዩ።
- **ስግረ-ጾታዊ ሰብኣይ/ተባዕታይ** ክትውለድ እንከላ ጓል ኣነስተይቲ ተባሂላ ትፍለጥ ነይራ ዳሓር ግን ናይ ወዲ ጾታዊ መንነት ዘለዋ ኮይና ዝተረኽበት ሰብ ማለት እዩ።

ተወሰኽቲ ጾታዊ መንነት እዞም ዝስዕቡን ካልኦትን የጠቓልሉ:

- **ዘይርጉእ ጾታ:** ጾታዊ መንነቱ እንታይ ከም ዝኾነ ዘይተወሰነ ሰብ ይገልጽ።
- **ግርምቢጥ ጾታ/ካብ-ሓዲኡ ወጻኢ:** እዚ ጾታዊ መንነቶም ካብቶም ከም ንቡር ዝውሰዱ ጓል/ሰበይቲ/ኣነስተይቲ ወይድማ ወዲ/ሰብኣይ/ተባዕታይ ዝበሃሉ ጾታታት ወጻኢ ዝኾኑ ሰባት ይገልጽ።

### ሕቶ: ወሲባዊ ዝንባለ እንታይ እዩ?
ወሲባዊ ዝንባለ ሰባት ብኻልኦት ሰባት ዝማረኹሉ ስምዒታዊን ኣካላዊን ስሕበት ከመይ ከም ዝገልጹዎ ዝምልከት እዩ።

- **ንቡር ወሲባዊ ስሕበት (ቀጥታዊ)** ብዋናነት ብወዲ ዝሰሓባ ደቂ ኣነስትዮን፣ ብጓል ዝሰሓቡ ደቂ ተባዕትዮን ዝገልጽ ስያሜ እዩ።
- **ገይ** ብዋናነት ምስ ተመሳሳሊ ጾታ ዝሰሓሓቡ ዓይነት ሰባት ይገልጽ። `ገይ` ዝብል ቃል ብደቂ ተባዕትዮ ንዝሰሓቡ ደቂ ተባዕትዮ እዩ ዝገልጽ።
- **ሌዝቢያን** ብዋናነት ብደቂኣነስትዮ ዝሰሓባ ደቂ ኣነስትዮ ዝገልጽ ቃል እዩ።
- **ድርብ-ጾታ** ዝብል ቃል ብኣካልን ስምዒትን ብኣንስቲ/ደቂኣነስትዮ ከምኡድማ ሰብኡት/ደቂተባዕትዮ ዝሰሓቡ ሰባት ይገልጽ። ገለ ሰባት ድርብ-ጾታ ብኹሎም ጾታታት ዝሰሓብ ኢሎም ይገልጽዎ።

ገለ ሰባት ናይዚኦም ወሲባዊ ዝንባለ ንምግላጽ ከም **ሰዶመኛ** ዝኣመሰሉ ካልኦት ቃላት ይጥቀሙ እዮም።

### ሕቶ: ከመይ ክምልስ ከም ዘለኒ ርግጸኛ እንተዘይኮይነኸ?
ርግጸኛ እንተዘይኲንካ **“ኣይፈልጦን”** ኢልካ ክትምልስ ወይድማ ምስቲ ኣገልግሎት ዘቕርበልካ ኣካል ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።

### ሕቶ: እዞም ዝተጠቕሱ መግለጺታት ዘይምልከቱኒ እንተኾይኖም`ከ?
ብዙሓት ወሲባዊ ዝንባለታትን ጾታዊ መንነታትን ኣለዉ። እንተኾነ፡ ኩሎም ክትዝርዝሮም ኣይከኣልን እዩ። ወሲባዊ ዝንባለኻ ወይድማ ጾታዊ መንነትካ ኣብቲ ዝቐረበ ዝርዝር ዘይተጠቕሰ እንተደኣ ኮይኑ፣ ዳሽ ቦታ እንድሕር ቀሪቡልካ ንገዛእ-ርእስኻ ትገልጸሎም ቃላት ተጠቂምካ ተወሳኺ ምድብ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

### ሕቶ: እዚ ሓበሬታ ከካፍል እንተዘይደልየ`ኸ
**“ክገልጽ ኣይደሊን”** ዝብል ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ዳሓር፡ እቲ ኣገልግሎት ዘቕርበልካ ኣካል እዞም ሕቶታት ብውልቀ ክሓተካ ይኽእል እዩ፡ ንስኻ እውን ሕቶታት ከተቕርበሉ ትኽእል ኢኻ። ክትምልስ እንተደኣ ዘይደሊኻ ክትምልስ የብልካን።

### ሕቶ: መን እዩ ነዚ ሓበሬታ ዝሪኦ?
ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዘቕርበልካ ኣካል እዚ ሓበሬታ ክሪኦ እዩ፡ ከምኡድማ ኣካል ናይ ኤሌክትሮኒካዊ መዝገብካ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ስታፍ ኣባል ነቲ ሓበሬታ ናብ ናይ ጥዕና መዝገብካ እንድሕር ኣእትዩዎ፡ እዚ ሰብ እውን መልሲታትካ ክሪኦም እዩ። ስክፍታታት እንተሎካ፡ ነቲ ኣገልግሎት ዘቕርበልካ ኣዘራርቦ።

### ሕቶ: ሓበሬታይ ከመይ እዩ ዝሕሎ?
ወሲባዊ ዝንባለኻን፡ ጾታዊ መንነትካን ዝምልከት ሓበሬታ ልክዕ ከም ኩሉ ናይ ጥዕና ሓበሬታኻ ሚስጢራዊነቱ ዝተሓለወን ሕጋዊ ሓለዋ ዝግበረሉን እዩ። ዕድሜኻ ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፣ ወላዲኻ/ሞግዚትካ እዚ ሓበሬታ ክረኽቦ ይኽእል እዩ። ገለ ስክፍታታት እንተለዉኻ ምስቲ ኣገልግሎት ዘቕርበልካ ተዘራረብ።

### ሕቶ: እዚ ሓበሬታ ከመይ እዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል?
ኣገልግሎት ዘቕርበልካ(ቡልካ) ኣካላት እዚ ሓበሬታ ናይ ጥዕና ክንክን ጠለባትካ ዝያዳ ክርድኡ ክጥቀሙሉ እዮም። ብተወሳኺ፣ እዚ ሓበሬታ ካብ ኩሎም ኣካላት ምእካብ ናይ ጥዕና ማእከላት ኣብ ክንክን ወይድማ ኣብ እተፈላለዩ ኩነታት ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ክፍተት እንተልዩ ክሪኡ ይፈቕደሎም።

### ሕቶ: ስለምንታይ እዮም ማእከላት ጥዕና ብዛዕባ ተውላጠ-ስም ዝሓቱ?
**ተውላጠ-ስም** ሰባት ንዓኻ ንምጽዋዕ ኣብ ክንዲ ስምካ ዝጥቀሙሎም ቃላት እዮም። ንሳ/ንዓኣ/ናታ፣ ንሱ/ንዕኡ/ናቱ፣ ከምኡ`ድማ ንሳቶም/ንዕኦም/ናቶም ኣብነታት ተውላጠ-ስም እዮም።

ብዛዕባ ተውላጠ-ስማት ምሕታት ስታፍ ንተሓከምቲ ብትኽክል ክገልጹ ይጠቅም። እንተዘይኮይኑ፡ ስታፍ ኣብ ግምት ክድረኹ ይግደዱ፡ እዚ ከኣ ናብ ዘሕፍርን ክብሪ ዘስእንን ኩነታት ከምርሕ ይኽእል እዩ።